ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባጉና ኣብ 2012ዓ/ም በጀት ዓመት ንዝተፈላዩ ኣቁሑት ግልጋሎት ዝዉዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት ፣ መሳርሒ ህንፃ ፣ ኣቁሑት ብረታ ብረት፣ ኣቁሑ ኤሌክትሪክ፣ኣቁሑ ፅሬት፣ ኣቁሑ ኤሌክትሮኒክስ ማሽነሪ፣ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ኣቅሑት ፈርኒቸርን ፣ ኣቅሑት ሰርቨይን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 8, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 23, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 23, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ምህንድስና ኣቁሑት/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ሰራሕቲ ሓፂነ መፂን/

1 ናይዚ ዘበን ግበሪ ከፊሉ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ

2 ኣብ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገበን ናይዚ ዘበን ዘሐደሰ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግበሪ ዘለዎ

3 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ ናይ ወርሒ ጥሪ/ለካቲት 2012 ዓ/ም ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ከቅርበ ዝክእል

4 ዝተማለአ ሰነድ ጨረታ ዋና ናይ ተደለይቲ ረቆሒ ቅዳሕን ብፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝክእል፤

5 ኣብ እዋን ምክፋት ጨረታ ድማ ኩሉም ዋና ሰነዳት ሒዝኩም ብምምፃእ ክተርእዩ እትክእሉ፤

6 ኣብ እትመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይምግባር ኣብዘይ ዘፈርኩም ዘይምውድዳር፤

7 ብዝተነፀረ ስፔስፊኬሽን ማለት እዉን መዓቀኒ ዝርዝር ረቆሒ ፅሪየቱ መሰረት ክተቅርቡ እትክእሉ፤

8 ዋና ማለት እዉን ኦርጅናል ዝብል መግለፂ ኣብ ዝተዉሃቦም ኣቅሑት እቲ ኮሌጅ ፅርቶም ዝኣመነሎም ኣቅሑት ጥራሕ ክተቅርቡ እትክእሉ፤

9 ተጫረቲ ቅድም ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ሕድሕድ ጨረታ 3000.00 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ብቅርሺ ክተትሕዙ አለኩም፤

10 ተጫረቲ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚርኩም ንነብስወከፍ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ እናከፈልኩም ኩሉ ግዘ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ካብ ካሌጅ ቴክኒክን ሞያን እንዳባ ጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምዉሳድ ንነበስወከፍ ዋጋ ዝርዝር ብምምላእ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ አታዊ ክትገብሩ ትክእሉ፤

11 ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 08/07/2012 ዓ/ም ክሳብ 23/07/ 2012 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ሰዓት ኮይኑ እቲ ጨረታ 23/07/2012 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፀዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብግልፂ ይክፈት፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታተልቲ 45 መዓልቲ ኮይኑ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃበሉ ማዕልታት ፅርየት ዘለዎም ንብረት ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን እናዳባጉና ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ወፃኢ ኣጎዓዒዙ አታዊ ክገብር ዝክእል

13 ኣብዚ ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራታይ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ዘትሕዝን ተጫረቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን አለዎ

14 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

15 እቲ ኮሌጅ እንተኣሚንሉ ካብ ነብስ ወከፍ ኣቅሓ 20 ሚእታዊ ክዉስክ ወይ ክንኪ ይክእል እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0914-29 62 34 / 0914-781076/ ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle